ዘይበሊ ሕማም፡-

ብዛዕባ ሰላም ሕውነት ይዝምር የእዊ

መሲሉ ክረአ ይደሊ ፍትሓዊ

ድሕር ዘይብል ብዋጋ ካልኦት ክጻወት ብሓዊ

ኩለንተንኡ ቅንዕና ዘይብሉ ተገራጫዊ።

ኤርትራዊ ሓውናዩ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ

ብደም ብእምነት ዝተኣሳሰረ ብባህሪያዊ ዕትብቲ

ሓደ ህዝቢ ክልተ ሃገር ገይሩና ጣልያዊ መግዛእቲ

ተባሂሉ ይዝመር ይትረኽ በቶም ዓበይቲ

መንእሰይ ሰሚዑ ክወርስ ብዘይመኹባዕቲ

ይዝራእ እቲ ድሕረት ይዕንብብ ትምክሕቲ።

ሃማኖትና ተመሳሳሊ መምርሒኡ ሓደ

መበቆልና ተወራራሲ ሓደ ምስቲ ሓደ

ባህልና ንክትፈልዮ ዘጸግም ዝተወሃሃደ

ይብሉ ከይተሰከፉ ዘይእምነቶም ስለዝተለምደ።

ዓበይቲ ብትምህርቲ ዓበይቲ ብዕድመ

ነጻ ኢና ኣይተገዛእናን ይብሉ በቲ ዝቐደመ

ኤርትራ ኣካልናያ ይደርፉ ከም ዝጠዓመ

ወደብ ዓሰብ ናትናዩ ይብሉ ካብ ኤርትራ ከም ዝተቖርመመ።

ንሕና ብዙሓት ንሳቶም ውሑዳት

ንበይኖም ክብሕቱ ክለተ ወደባት

ኢሎም ይሃርምዎ ነቲ መሰረት

ሰጋእ መጋእ እናበሉ ኣልቦ ትብዓት

ግን ነገር የሳውሩ ዘይውዳእ መዓት።

ኢትዮጵያ ብባዕዳውያን ዘይተገዝአት እንተኾይና

ከመይ ደኣ ኤርትራ ናትና ኮይና

ከመይ'ከ ዓሰብ ናትና'ያ ንብል ካብ ኤርትራ ፈሊና

ብዘይኣፍልጦ ድዩ ወይስ ኮነ ኢልና።

ይነጸር እቲ ሕልሚ እንታይ'ዩ ተደልዩ

ሓቀኛ ህዝባዊ ሕውነት ወይስ ወደባት ምስ ማዩ

ኣብ መንጎ ነገራዊ ረብሓን ህዝባዊ ሕውነትን ዘሎ ጋግ ፍለዩ

ዝትግበር ግበሩ ህዝቢ ኣይትረብሹ ኣይተጥምዩ።

ካብ ዛራ ማና

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 13-06-2018